# <u>ሓበረይታ</u>

<u>ብኣቶ ቨርነር ሙሲንገር ዝተጻሕፈት ኣገዳሲት ታሪኽ መጽሓፍ፡ ናብ ትግሪኛ ተተርጕማ ኣላ። ኣቶ ቨርነር ካብ 1853-1875 ዓ.ም. እዩ ኣብ መርየት ሓበሻ ዝነብር ነይሩ። ቀንዲ መንበሪኡ ከተማ ከረን እኳ እንተ ነበረት፡ ኣብ ኵሉ ቦታታት እንዳዘረ እዩ ታሪኽን ባህልን ናይ'ቶም ዓሌታትንን ዝምድናታቶምን ዘጽንዕ ነይሩ። ዝነኣድ ነባሪ ናይ ታሪኽ ዘባና ከኣ ሓዲጉልና ኣሎ።</u>

<u>ኣርእስቲ ናይ'ታ፥ መጽናዕቲታት ብዛዕባ ምብራቕ ኣፍሪቃ</u>

<u>ገለ ካብ ትሕዝቶኣ፥</u>

1)-ብታሪኽ ሓበሻ ዝያዳ ድማ ብዛዕባ እቶም ትግሪኛ ዝዛረቡ ከምኡ ድማ ብዛዕባ ኵሎም ብሄራት ናይ ኤርትራ ባህልታቶምን ዝምድናታቶምን ከይተረፈ ብግሉጽ ተጻኒዑ ዝትሰነደ ዝሓዘት።

2)- እቶም በለዉ ካብቶም ክርስትያን ዝነበሩ ባሕሪ ነጋሲ ነቲ ሽመት ብኸመይ ብሓገዝ ቱርኪ ኣብ ኢዶም ከም ዘእትዎ።

3)- እቲ ምጽዋዕ ዝብል ስም ካበይ ዝመንጨወ ክኸውን ከም ዝኽእል።

4)- እቲ ሃብቲ ባሕርና ከም ሉል ዝኣመሰለን ካልእን ብቶናት ጽዒኖም መን ይወስድዎ ከም ዝነበሩ።

5)-ቅድሚ ቱርካውያንን ግብጻውያንን ካብ ምድሪ ሓበሻ ክሳብ ግብጺ ኵሉ ብክርስትያናዊ ሃማኖት ዝያዳ ድማ ብሓበሻዊ ባህሊ ዕብሉል ከምዝነበረን- ብዓል ሃገርና ነገር ዝጽዋዕ ደብሪ ኣብ ሳሕል፡ ዝያዳ ካብ ብዓል ደብረ-ሲና ዝዓቢ ገዳም ከም ዝነበረን- መንገዲ ናብ የሩሳሌም ብበዓል ሰዋኪን ከም ዝነበረን፥

6) - እቶም ትግሬ ዝዛረቡ ኣግኣዝያን ወይ ሓበሻ ኵሎም ክርስትያን ከም ዝነበሩን ብኸመይ ክምስልሙ ከም ዝተገደዱን- ኣብ ብዓል ሓልሓል ቤተ-ክርስትያን ማርቆስ እትጽዋዕ ከም ዝነበረትን- መስሊሞም ከለዉ'ውን በቲ ናይ ጥንቲ ሃይማነቶም እዝግዮ መሃረነ ክርስቶስ ኢሎም ክምህለሉ ይስምዑ ከም ዝነበሩ፥

7)- ቅድሚ እቶም ትግሪኛ ዝዛረቡ እንታይ ዓሌት ኣብ'ዛ ሕጂ ኤርትራ እትጽዋዕ ዘላ ዝነብሩ ዝነበሩ- ከም በለው ከለው ብሄው ከም ዝነበሩ ወዘተ

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ቨርነር ሙሲንገር ዝያዳ 20-ዓመታት ብመጽናዕቲ ዝጸሓፋ ብኣንበብታ ብዙሕ ኣድናቖት ዝረኸበት እያ። እዚ ዝተጠቕሰ ሰብ ካብ ምጽዋዕ ተበጊሱ ኣብ ከረን ንሓንቲ መበለት ናፍዓ እትበሃል ክፍለ ዝበሃል ቈልዓ ዝነበራ ተመርዕዩ ዝነበረ፥ ብሓማስየን ገይሩ ንኣድያቦ ንሞጎሎ ዓዲ ኵናማን ናራን፡ ንበንዓምርን ንበዳውን (ሃረንደዋ) ኣጽኒዑ ንከሰላ

ዝኸደ፡ ቅድሚኡ'ውን ንነበርቲ ሳሕልን ሰንሒትን ሰምሃርን ዘጽንዐ እዩ። ንሱ ነዚ ካብ 1855-1875 ዓ.ም.ፈ. እዩ ሰኒድዎ።

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ዓሚቝ ታሪኻዊ ትሕዝቶ ናይ'ቶም ኣግኣዝያንን-ሳሆን-ደንከልን-ኵናማን-ናራን-ኦሮሞን ወዘተ ዝሓዘት'ያ። ትሕዝቶ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብመሰረት ኤሮጳዊ ተመራማሪ ዘይንሕፍ ከም ምኺና መጠን፡ ነቲ ኣወንታዊ ጐኒ ናይ እቲ ሕብረተሰብ ዘይኰነስ ነቶም ኣሉታዊ ዝምድናታቱን ሳዕቤናቶምን ብዘይ ነሓፍነት ኣስፈርዎ ኣሉ።

ብፍላይ ነዚ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘሎ ውዕዉዕ ኣርእስቲ ከም ብዓል ተስፋጽዮን ዘልዕልዎ ዘለዉ ኣርእስቲ ንምስሕሓብ ዘይኰነስ ብቐዕ መብርህን መልስን ከተሓሳስብ ዝኽእልን ትሕዝቶ ዘለዋ ታሪኻዊት መጽሓፍ እያ።

## 2.እቶም እብራውያን ዘርእስታ መጽሓፍ

እዛ መጽሓፍ እዚኣ እቲ ናይ እብራውያን ኣብ ሓደ ኣምላኽ ምእማን ብኸመይ ከም ዝጀመረን-እንታይ ዕላማ ከም ዝነበሮን፡ ብዓይኒ መጽናዕትን ናይ ፈላጣት ብምምርማርን ዝተጻሕፍት ዓሚቝ ትምህርቲ ዝሓዘት እያ፥ በዚ ንእኹል ትምህርቲ ዝቐሰሙን ንፍልጠት ምምርማርን ህንጡያት ንዝኾኑ ምኺና ኣቐዲመ እንዳ ሓበርኩ፥ ኣነ ዘተርጐምኩን ካብኣ ብዙሕ ትምህርቲ ዝረኸብኩ ድኣ እምበር፡ ነቲ ኣብኡ ተጻሒፉ ዘሎ ብሓላፍነት ዝሕተት ኣይኰንኩን።

ተዋህዶ ሃይማኖት ናይ ሓበሻ ዝያዳ ኦሪታዊ እዩ፥ ንኣብነት ምሁራት ሃይማኖት፡ እቲ ኣገባብ ቅዳሴ ነቲ ናይ ዘበነ ኣሮንን ሙሴን ኣብ ዓለም እቲ ኣዝዩ ዝቐረበ ንሱ እዩ እዮም ዝብሉ። እቲ ታቦት ኣውጺእካ ምዛር'ውን እቶም ጥንታውያን እብራውያን ኣብ ፍሉይ ግዝየ ዝገብርዎ ዝነበሩ፡ እዩ። ስለዚ ኦርቶደክስ ማለት ካብ ናይ ጥንቲ ዘይተለወጠ፡ ክጽዋዕ ዝግብኦ እዩ። ሃይማኖት ንባህልን ሕብረተሰባዊ ዝምድናታትን ክብርታትን ኣዝዩ ስለ ዝጸሉ፡ እዚ ጥንታዊ ታሪኽ እብራውያን ንታሪኽ ኤርትራውያን ኣዝዩ ጸልይዎ እዩ። በዚ ኣዝያ መሃሪት ዝኾነት መጽሓፍ ንኣተሓሳስባ ኣንባቢኣ ንክሰፍሕ ኣዝያ ሓጋዚት እያ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንብትምህርቲ ብሱላትን ንምስ ኣተሓሳስብኦምን እምነቶምን ዘይሰማማዕ ክጻወሩን ክዕገሱን ንዝኽእሉ እያ ኣዝያ እትጠቅም።

## 3. ሞሓመድ እቲ ነብን መራሕ ሰራዊትን

እዛ መጽሓፍ እዚኣ'ውን ከምታ ናይ እቶም እብራውያን፡ ብመሰረት ፈላጣትን ተመራመርትን፡ ምስልምና ብኸመይ ተጀሚሩ፡- ዕላምኡ'ከ እንታይ እዩ ነይሩ፤ ንዓና ንሓበሻ ከመይ ይጸልወና፤ እቶም ህይወቶም ንምድሓን ኣብ ናይ ሓበሻ ንጉስ ንኽዕቄቡ ዝኸዱ ክንደይ ነበሩን፡ ኣብኡ'ኸ ኣንታይ ተቐባልነት ነበሮም፤ ኣብርሃ ኣመሓዳሪ ኣብ የመን ከም ዝነበረን፡ ብኸመይ ከም ዝደኸመን፤ እታ መደበር ገዳማትን ሃይማኖት ክርስትያን ዝነበረት የመን ብኸመይ፡ ነቲ ዝነበራ ባህልን ሃይማኖትን ከም እትሓድግ ኰነት፤ ወዘተ። ብዙሕ ሓበረይታን ትምህርትን ዝሓዘት መጽሓፍ ረኺበያ። ንዘንብባ ከኣ ብሓቂ ብዙሕ ዘይፈልጦ ዝነበረ ታሪኽ ከም ዝፈልጥን ኣተሓሳስብኡ ከም ዝሰፍሕን እኣምን እየ።

ትሕዝቶ ናይዛ መጽሓፍ እዚኣ'ውን ከምታ እቶም እብራውያን ዘርእስታ ኣተርጕመያ እምበር ብትሕዝቶኣ ከም ዘይሕተት ይሕብር።

## 4.ህይወት ጸለምቲ ኣብ ኣመሪካ

ነቶም ጸለምቲ ክሳብ ሕጂ በቶም ጻዓዱ እንታይ ዓይነት መሰል ምግፋፍን ናይ ዕድል ምኽልካል ንኣብነት ኣብ ስራሕ ብፍላይ ድማ ኣብ ዕድል ትምህርቲ፡ ብኣቶ ሃንሪሽ ዝተጻሕፈት ነቲ ናይ ናብራ ህዝቢ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ሕጂ ብመራሕቱን መሻርኽቶምን ዝወርዶ ዘሎ ኣዝያ እትመሳሰልን፣ ከምኡ ድማ ትምህርቲ ንሓደ ህዝቢ ይኹን ንውልቀ-ሰብ ካብ መግዛእቲ ንምውጻእ ከመይ ዝበለ ከም ዘለዎን እትሕብር ንእሽቶ መጽሓፍ እዉን ተተርጕማ ኣላ።

ዘይተወቕረ ነየጥሕን ዘይተማህረ ነየድሕን እዩ ዝበሃል እሞ፥ ንነብስናን ህዝብናን መጻኢ ዘርእናን ንምድሓን ንፍልጠት ሃረር ንበሎ፥ ከመይ'ሲ፡ ሓደ ንዝሓለፎ ታሪኹ ብግቡእ ዘይፈልጥን ዘይመምን ዘይመዝንን፡ ንክደግሞ ዝተረግመ ስለ ዝኾነ።

ኢንጅነር መስጋና ዘካርያስ   ካስል ጀርመን

ንበዘን መጻሕፍቲ ይግደሱ፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክራኸቡ እኽእሉ።

ቴለፎን፤ 0049561/899883   ሞባይል፥004915210157483

e-mail: msgana_50@hotmail.com